ሃገራዊ ትካል ህዝባዊ ጥዕናን
ኣከባብን ሚኒስትሪ ጥዕና፣ ሰብኣዊ-
ድሕነትን ስፖርትን

ፖስታ ዝለኣኽሉ ኣድራሻ፡- RIVM-DVP West, PO BOX 654, 2700 AR ZOETERMEER

ከምኡ'ውን ወላዲ/ኣላዪ

!

ቀጽሪ ዜጋዊ ኣገልግሎት፡-

ዕለት፡- xxx 2023
ጉዳይ፡- ጸረ-ሕማም-መኒንጎኮካል ክታበት

## ጥብቆታት፡-
- ካርድ(ታት) ክታበት
- ወረቐት ምስክር ክታበት
- ደቂ-ዓሰርተውኣርባዕተ-ዓመት ህጻናት ንዝወስድዎም ክታበታት ዝምልከት በራሪ ጽሑፍ
- ትካል ኣገልግሎት ጥዕና መንእሰያት/GGD ዝለኣኾ ደብዳቤ

ዝኸበርካ [redacted] ከምኡ'ውን ወላዲ/ኣላዪ፡

ዕድሜኺ 14 ዓመት ምስመልአ ክታበት ናይ ሕማም መኒንጎኮካል ክወሃበኪ እዩ።
ነዚ ክታበት እዚ ብኣካል መጺእኪ ንኽትወስድዮ ዕድመ ክግበረልኪ እዩ።

**ሕማም መኒንጎኮካል እንታይ እዩ?**
መኒንጎኮካል ባክተርያ-ዝጠንቁ ሕማም እዩ። እዚ ሕማም እዚ ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ምምራዝ ደምን ከስዕብ ይኽእል። ሞት ከስዕብ እውን ይኽእል እዩ። ልሙድ ዓይነት ሕማም እኳ እንተዘይኮነ፡ ሳዕቤኑ ከቢድ እዩ። ብዛዕባ'ዚ ዝመጸ ኣብ'ቲ በራሪ ጽሑፍ ተወሳኺ ሓበሬታ ክርከብ ይከኣል።

**እዚ ክታበት ኣበይ እዩ ዝርከብ?**
ኣብ'ዛ ሰታሪት እዚኣ፡ እቲ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህበኩም ትካል ዝጸሓፎ ደብዳቤ ክትረኽቡ ኢኹም። እዚ ደብዳቤ እዚ ኣበይን መዓስን ነዞም ክታበታት ክትወስድዎም ምኳንኩም ሓበሬታ ዝህብ እዩ። እዚ ክታበት ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ቅልጽምኩም ዝውጋእ እዩ፤ ብናጻ ድማ እዩ ዝወሃብ።

**ምሳኻትኩም ክትመልእዎም ዘድልዩኹም ነገራት ኣየኖት እዮም?**
- ወረቐት ምስክር ክታበት (በዛ ሰታሪት ዝመጸ)
- ካርድ ክታበት MenACWY (በዛ ሰታሪት ዝመጸ)

**ንተሓከምቲ ዘገልግል ሓበሬታ ዝሓዘ በራሪ ጽሑፍ**
እዞም ክታበታት ብጥንቃቐ እተፈተኑ እዮም። ውሑሳት እዮም። ንደቅኹም፡ ከም ትሑት መጠን ኣካላዊ ረስኒ ድዩስ ግዚያዊ ጸገም ምንቅስቓስ ናይ ኢድ ዝኣመሰለ ጐድናዊ ሳዕቤን ክረኣዮም ተኽእሎ ኣሎ። ብዛዕባ ትሕዝቶ ናይ'ዞም ክታበታት ክትፈልጡ ድልየት ኣለኩም ዶ? ነዞም ንተሓከምቲ ዘገልግል ሓበሬታ ዝሓዙ በረርቲ ጽሑፋት ኣንብብዎም። ነዞም በረርቲ ጽሑፋት ኣብ'ዚ ገጽ እዚ ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም፡- rijksvaccinatieprogramma.nl/bijsluiters.

**ዝያዳ ክትፈልጡ ድልየት ኣለኩም ዶ?**
ንኽትክተቡ ከገድደኩም ዝኽእል ኣካል የልቦን። እቲ ውሳኔ ንዓኻትኩም እዩ ዝምልከት። ብዛዕባኡ ምስ ወላዲኹም ወይ ኣላዪኹም ተዛራረቡ። ኣብ'ቲ በራሪ ጽሑፍ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።
ዝኾነ ይኹን ሕቶ ዶ ኣለኩም? ናብ rijksvaccinatieprogramma.nl ወይ ናብ thuisarts.nl እተዉ።

ምስ ኣኽብሮት፡

ዶ/ር የኣን-ማሪ ሃመንት
ኣካያዲት ስራሕ ሃገራዊ መደብ ክታበት

□%%%(2□o□